
## Moderates ፓርቲ ነገራት ይፍጽም። ኣብ ሽወደን ጥራይ ዘይኾነስ ብደረጃ ሕብረት ኣውሮጳ ኽይተረፈ።

ንመጻኢ ወለዶታት ዝያዳ ነጻን ውሑስን ኣውሮጳ ኽንፈጥር ንደሊ።

ናብ ሽወደን ዝግበር ስደት ኣብ ሕብረት ኣውሮጳ ብዝተገበሩ ተሪር ድርድራት  ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣእቲናዮ ኣለና። ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ አብ ዝፍጸም ዓመጽ ዝያዳ ተሪር ስጉምቲ ንኽውሰድ ደፊእና ኣለና። ኣብ ኣውሮጳ ዝያዳ ሓይሊ ኒዩክለር ኽህሉ ከም ዝኽዕል ኣረጋጊጽና ኣለና፣ እዚ ድማ ኣብ ረሳሕ ከሰልን ጋዝ ሩስያን ውሑድ ጽግዕተኛነት ከም ዝህልወና ይገብረና። ኩለን ኣባል ሃገራት ኣብ ክንዲ ብዋጋ ሽወደን ነጻ ምዝዋር ዝረኽባ፣ ልቀታት ናይ ምንካይ ሓላፍነት ኽምዝወሰዳ ገይርና ዒና።



### ሕጂ ድማ ኣብ ኣውሮጳ ንነጽነትኩምን ድሕነትኩምን ምቕላስና ኽንቕጽል ኢና።

ዝተወደበ ገበን ንምምካት ንኣውሮጳዊ ፍሉይ ሓይሊ ፖሊስ ክንሰርሕ ኢና። ንዩክሬን ክሳብ ከምቲ ዝድለ  ደገፍ ኽንቕጽል ቃል ንኣቱ። ኣውሮጳ ክትከላኸለላ ዝግባእ እያ።

ኣብ ሽወደን ዝያዳ ስራሕ ንምፍጣር ንትካላት ናይ ቑጽጽር ጾር ኽንቕንስ ኣለና። ከምኡውን መሰል ምንጻል ጥንሲ ኣብ ሽወደን ጥራይ ከይኮነ፣ ኣብ መላእ ኣውሮጳ ብሓፈሻ እውን ከምዝተሃለወ ንምርግጋጽ ክንደፍእ ኢና።

### ኣብ ሕብረት ኣውሮጳ ነገራት ኽፍጸሙ ኽትሪዕዩ እንተደሊኹም፣ ሽዑ ን Moderates ፓርቲ ድምጽኹም ሃቡ።

ነቲ ኮድ ስካን ግበሩ
ንምብጻሕ ናብ ዲጂ
ታላዊ ናይ ጎስጓስ
መርበብ ሓበሬታና!

ወይ ድማ ናብ
www.mstugan.se
ይኺዱ

# ንናጻን ውሑስን ኣውሮጳ።

ድምጺ ይሃቡ
ን Moderates
ፓርቲ
ኣብ ምርጫታት
ኣውሮጳ!



## ገበነኛታት ምግዳብ።
## ንፖሊስ ዘይኾነ።

Moderates ፓርቲ ንኸቢድ ገበን ዝተመጣጠነ መቕጻዕቲ ይገብር ድሕሪኡ ድማ ኣብ ሽወደን ሃለዋ የጠናኽር። ካብዚ ንላዕሊ እኳ ኽንገብር ንደሊ። ናብ ሕብረት ኣውሮጳ ዝውሕዝ ዘሎ ሽጉጣት፣ ሓሽሻትን ዝተወደበ  ገበንን ደው ኽነብሎ ኣለና።  ስለዚ ድማ ኢና ንጉጅለታት ገበን ንምምካትን ናጻ ምንቕስቓስ ገበነኛታት ደው ንምባልን ፍሉይ ሓይሊ ፖሊስ ኣውሮጳ ከነተኣታቱ ንደሊ። ሽወደን ዳግማይ ውሑስ ኽንገብራ እዋኑ እዩ።

## ትሑት ልቀታት።
## ዝያዳ ሓይሊ ኒዩክለር።

Moderates ፓርቲ ኣብ ኣውሮጳ ሓድሽ ሓይሊ ኒዩክለር ንኽህሉ ዕድላት ንምፍጣር ደፊኡ ኣሎ። ሕጂ ሓይሊ ኒዩክለር ከም ዘላቒ ሃይሊ ኾይኑ ይምደብ። ሽወደንን ኣውሮጳንልቀታት ኽንቕንስን ረሳሕ ከሰልን ጋዝ ሩስያን ኽነውግድን እንተደሊና ዝያዳ ሓይሊ ኒዩክለር የድልየን። ዝያዳ ሓይሊ ኒዩ ክለር ኣብ ሽወደን ወጻኢታት ጉልበት ምንካይ ማለት'ውን እዩ።

## ዶባት ኣውሮጳ ውሑስ ምግባር።
## ሽወደን ዳግማይ ውሑስ ምግባር።

መን ናብ ሕብረት ኣውሮጳ ናይ ምእታው መሰል ከም ዘለዎ ምውሳን ናይ ኣሰጋገርቲ ደቂ ሰባት ክኸውን የብሉን፣  ክሳብ ከጥቕዑ ዝኽእሉ ክሕብኡ ጥራይ ኣሸበርቲ ምእታው ኽፍቐደሎም የብሉን። ስለዚ ኢና ድማ ኣብ ልዕሊ ደጋዊ ዶባት ሕብረት ኣውሮጳ ቁጽጽር ኽነሐይል ንደሊ። Moderates ፓርቲ ፖሊሲ ስደት ሕብረት ኣውሮጳ እውን ኣብ ስርዓት ንኽኣቱ ኣበርቲዑ ሰሪሑ እዩ። ከምኡ ምግባር ኽንቕጽል ኢና።

## መሰል ምንጻል ጥንሲ ምሕላው።
## ካልእ ኹሉ ጌጋ እዩ።

ን Moderates ፓርቲ፣ ንመሰል ምንጻል ጥንሲ ሓለዋ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ርእሰ-ውሳነ ጓል ኣንስተይቲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል እዩ። ስለዚ ድማ ኢና መሰል ምንጻል ጥንሲ ኣብ ቻርተር መሰረታዊ መሰላት ሕብረት ኣውሮጳ ኽቕመጥ ዘለዎ እዩ ኢልና ንኣምን። እዚ ማለት ግን ብዛዕባ ናይ ሽወደን ሕግታት ምንጻል ጥንሲ ምስ ካልኦት ኣባላት ሃገራት ኽንደራደር ኢና ማለት ኣይኮነን። ኣብ መላእ ሕብረት ኣውሮጳ መሰል ምንጻል ጥንሲ ንምሕላው ኽንቓለስ ኢና።

## ውሑድ ውስብስብ አሰራርሃን ቢሮክራስን።
## ኣብ ሽወደን ዝያዳ ናይ ስራሕ ዕድላት።

ሕብረት ኣውሮጳ ንብልጽግና ሽወደን ወሳኒ እዩ። ንግዲ ኣብ ውሽጢ ሕብረት ኣውሮጳከምኡ'ውን ምስ ካልእ ኽፋል ዓለም ዝግበር ናጻ ንግዲ ንፈጠራ ስራሕን ቁጠባዊ ዕብየትን ዝድርኹ እዮም። እቲ ዘሕዝን ግን ዝተሓላለኹ ሕግታትን ቢሮክራሲ ሕብረት ኣውሮጳን ዕንቅፋታት እዮም። Moderates ፓርቲ ነዚ ክቕይሮ ይደሊ። ምስ ዝያዳ ስራሕን ዝያዳ ቢዝነስን፣ ዝሓየለት ሽወደን ንሃንጽ ኣለና።

## ኣግራብ ሽወደን።
## ሕግታት ሽወደን።

ኣግራብ ሽወደን ስራሕ ዝፈጥሩን እቶት ግብሪ ዘምጽኡን እዮም። ናይ ታሪኽናን መንነትናን ኣገዳሲ ኽፋል እዮም። ኣግራብ ምልማዕ እውን ኣብ ፖሊሲ አየር ንብረት ኣገዳሲ ረቛሃ እዩ። ስለዚ ኢና ድማ ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ልዕሊ ልምዓት ኣግራብና ክጸልው ከሎ ኩሉ ግዜ ንኣግራብ ሽወደን ደው ንብል።  እዚ ማለት ንኣግራብና ዝምልከት ደንብታት ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ኣብ ሽወደን እምበር ኣብ ብራስለስ ኽውሰን የብሉን።

ንናጻ
ከምኡ'ውን
ውሑስ
ኣውሮጳ!